# ናይ ሕጂ`ኸ ብውዲት ድዩ ብጎነጽ ?

ብ ኣወልኼር ዓ/ሓፊዝ

ኣብ መፋርቕ 20 ክፍለ ዘመን እስራኤል ብመንገዲ ብሪጣንያ ኣብ ፈለስጢን ክትክል እንኮላ ፤እታ ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ጂኦ ፖለትካዊ ቅርጻ ዘነጸረት ኤርትራ ከኣ ክትቡንቁር ወይ ክትምቀል ብባዓል ብሪጣንያ ዝእለመሉ ዝነበረ ዘመን`ዩ።

እቲ ንየመን ንጅቡቲ ንግብጺ ንሱዳን ንሱዑዲ ንኤርትራ ዝተቀነተ ፤ ቅድሚ ንማእከላይ ባሕሪ ምሕዋሱ ነታ ውልዶ መንግስቲ እስራኤል ብቅርኑ ተናኺፉ ዝሓልፍ ቀይሕ ባሕሪ፤ እስራኤል ብዓይኒ ጸጥታ ክትርእዮ ግድን` ነይሩ። መርገጽ እግሪ ክትረክብ ከኣ ተጓየት። ማዕከናት መጽናዕታ ግና ህዝቢ ኤርትራ ካብ በዓል የመን ዝተፈልየ ከምዘይኮነ ስለ ዘመልከተ፤ነቲ ሹዑ ዝስረሖ ዝነበረ ኣንድነታውያን ዝዋጢዩሉ ዝነበሩ ውዲት (ጸሬ ምቋም ሓንትን ነጻን ሃገር ኤርትራ) እስራኤል ካብቶም ቀንዲ ተዋሳእቱ ብምኳን ቀንዲ ጸሬ ሰውራ ህዝቢ ኤርትራ ዝተዓጥቀት ሃገር`ያ ነይራ።

ንምሽቱ ህዝቢ ኤርትራ ደምን ርሃጽን ንብዓትን ኣፍሲሱ፤ንእምነት ዓጢቑ ከኣ ንኹሎም ሰዓረ !

<u>ሕጂ ኣብ 21 ክፍለ ዘመን ኢና ዘሎና። ግዜ ይቅየር ጠቅምታት ይቀያየር ፤ሓድሽ እስትራተጂ ይህነጽ፤ ማዕከናት መጽናዕቲ ይምወላ፤ ምኽረን ይህባ፤ ምርጫታት ይንጸር ።</u>

ንሕና ግና ዘይነጽንዕ ሕብረተ ሰብ ከም ምኳና መጠን ፡ካብ ኣብ ግምታት ተሞርኲስና ንተርእዮታት ምትንታን ሓሊፍና ንገብሮ የለን። ስለዚ ........

- ናይ ሎሚ ኢትዮጵያ ንእስራኤል እታ ናይ ትማሊ እትዮጵያ ድያ ?
- ነቲ ትማሊ ኢትዮጵያ ትጻወቶ ዝነበረት ተራ ዝጻወቱ ኣብ ትግራይን ከበሳ ኤርትራን ሃሰው ትብል ዘላ`ዶ ትመስል?
- ነቲ ትማሊ ዝተሳዕረ፤ መስረቱ ብኣጋ ዘዋደቅዎ ፤ ጉዳይ "ትግራይ ትግርኚ" ዘልዕሉ ሰባት ሎሚ ምቅልቃሎም ስለምንታይ`ዩ?

ሓደ ምልክት ሕቶ ጥራሕ ዘይኮነ 1000 ምልክት ሕቶ ከተንብረሉን ነቲ ጥርጣሬ ከተድምቆ ዝገብርን ከኣ ካብቲ ናይ ቀደም ትግራይ ትግርኚ ፍልይ ዝብል ንገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝሓወሰ ትግራይ ትግርኚ`ዩ ዝጭራሕ ዘሎ። ኣይሁዳዊ ኣርማ፡ ባንዴራ እስራኤል ! ! ንመበቆል ዘርኢ ዓረብ/የመን ዝኾነ ኢጋኣዝያን ምስ እምነት ያሁድ ምልዕጣጥ ..................ጉድ !

- እዚ ኩሉ ብተበግሶ እስራኤል ድዩ ዋላስ ናይ ዝመሰሎም ብኣነ ሕራይ ዝተበገሱ ናይ ገዛእ ርእሶም እስትራተጂ ዘለዎም ተደናገጽቲ ?

በቲ ድዩ በዚ ብዘየገድስ ዘይ ቅቡልን ዘይትግበርን ጭረሖ`ዩ። ከኸውን ግና ናይ እስራኤል ከኸውን ይምረጽ። ምኽንያቱ " ኣዋቂ ይግደለኝ " ዝበሃል ምስላ ኣሎ ። (ምቅታል ምቅታሉ ፈላጥ/ዘይደንቆሮ ይቅተለኒ ማለት`ዩ)

ሃገረይ ረቢ`ኹንኪ !

AAHafiz (223) 6/12/2017